
# ንርከበሉ ቦታ

ሞዛይክ ሙቪንግ ኣሄድ ፕሮግራም ኣብ
በርነብ፡ ኒውወስት ሚኒስተር፡ሰሪ፡ ትራይ- ሲቲስን
ቫንኮቨርን ነቶም ናይዚ ፕሮግራም ዝምልከቶም
ስደተኛታትን ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣገልግሎት ይህብ።

ሀይጌት ቪለጅ
#310 - 7155 Kingsway, Burnaby, BC V5E 2V1
Tel: 604.636.4712 | Fax: 604.636.4743
www.mosaicbc.org




ኣብ ሳልሳይ ደርቢ ናይ ሃይገት ቪለጅ
( ልዕሊ ሾፐርስ ድራግ ማርት) ንርከብ

እዚ ፕሮግራም ብካልኦት ሽርካ ውሁብቲ
ኣገልግሎት ትካላት ይወሀብ እዩ፡

በርነቢ ፋሚሊ ላይፍ ኢንስትዩት
4535 Kingsway Avenue, Burnaby, B.C. V5H 0E5
Tel: 604.659.2205 | Fax: 604.299.7910
www.burnabyfamilylife.org

BURNABY FAMILY LIFE
A PLACE TO GO... A PLACE TO GROW!

# ሞዛይክ

ሞዛይክ ኣትራፊ ዘይኮነን ኣብ ናይ ግብረሰናይ
ትካላት ዚተመዝገበን ካብ 1976 ንስዳተኛታትን
ፈለስትን ኣገልግሎት ዝህብ ዘሎ ትካል እዩ።
ኩለንትናዊ ኣገገልግሎት ን ካናዳውያን፣
ንስዳተኛታትን ፈለስትን፡ ን ሐደሽቲ መጻኣትን፡
ጊዝያዊ ሰራሕተኛታትን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት
ናይ መትሮ ቫንኮቨር ኣገልግሎት ይህብ።

ኣብ ልዕሊ እዚ ዚተጠቕሰ ኣገልግሎታት ሞዛይክ
ተወሳኺ ኣገልግሎታት ይህብ።

ናይ ስድራቤትን ቆልዑትን ፕሮግራማት
ናይ ስራሕ ፕሮግራም | ናይ ቛንቛ እንግሊዝ ፕሮግራም
ናይ ቃልን | ጽሑፍ ትርጉም ኣገልግሎት
ናይ ሰፈራ | መነባብሮ ፕሮግራም ፍሉይ ፕሮግራም

ንዝያዳ ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ
**www.mosaicbc.org** ወይ ድማ በዚ
ቑጽሪ ብምድዋል **604.254.9626**

@mosaicbc

MOSAIC

ASPIRE to Excellence® carf CANADA ACCREDITED


Funded by: Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Financé par : Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada



©MOSAIC February 2017 [Tigrigna]


MOSAIC

# ሙቪንግ ኣሄድ



ን 40 ዓመታት ን ሓደሽቲ መጻኣቲ ኣብ ናይ ካናዳ
ሕብረተሰብ ሙሉእ ብሙሉእ ክሳተፉ ዘሐይል

## ሙቪንግ ኣሄድ

እዚ ፕሮግራም እዚ ብሰንኪ ተደራራቢ ጸገማት ናብዚ ናይ ካናዳ ሕብረተሰብ ምጽንባር ዘጸገሞም ሓደስቲ መጻእትን ስደተኛታትን ኩለንተናዊ ደገፍ ዝህብ ኮይኑ፡

ብተወሳኺ ድማ ነቶም ካብ ሰብ ዚተነጸሉ ተገልገልቲ ክሳብ ገዝኦም ብምካድ ምክርን ሓበሬታን ይልግስ።

ገለ ካብቲ ኣገልግሎታት ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፡

- ንዕኡ ዝከታተል ኣማካሪ ይህልዎ።
- ናይ ሰትልመንት ሓበሬታን ምኽርን።
- ጸገሙ ኣብ ምልላይን ኣፍልጦኡ ብዛዕባ ዘሎ ቀረባትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ምዕባይ፡ንጸገሙ ባዕሉ መፍትሒ ንክረኽበሉ ባይታ ምጥጣሕ
- ማሕበራውን ስነ ልቦናውን ምትብባዕን ደገፍን ምሃብ
- ናብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ምልላይን ምስናይን
- ናይ ተገልገልቲ ኣፍልጦ ዘስፍሕ
- ኣስተምህሮ ብዛዕባ መነባብሮን
- ማሕበራዊ ሂወትን ንስራሕ ሚድላውን።
- ፍሪ ራኒንግ፡ብፍሉይ መልክዑ ንመንእሰያት ዘተኮረ ፕሮግራም

## ናይ ብቑዓት መመዘኒ

እዚ ፕሮግራም ዘገልግሎም ስደተኛታትን ሓደስቲ መጻእትን ነዚ ዝስዕብ ቅጥዒ ዘማልኡ እዮም፡-

- ውሑድ ኣፍልጦን ተመክሮ ናይ ሂወት ኣብ ካናዳ
- ዝተሓላለኸ ሂወት ዘሕልፉ ዘለዉ
- ክቱር ጸገማት ዘለዎም

** ኩሎም ኣመልከቲ ድማ ይግምገሙ እቶም እዚ ፕሮግራም ከገልግሎም ዘይክእል ውልቀ ሰባት ድማ ናብ ካልኦት ናይ ሰትልመንት ውሃብቲ ኣገልግሎት ይልእኹ።*

## ቋንቋ

ሞዛይክ ሙቪንግኣሂድ በዚ ዝስዕብ ቋንቋታት ኣገልግሎት ይህብ

- ትግርኛ
- ኣምሐርኛ
- ዓረብኛ
- ዳሪ/ ፋርሲ
- ፓሽቶ
- ኩርድሽ
- ኪሩንዲ
- ሊንጋላ
- ኑባ
- ራሻ
- ስዋሂሊ
- ኢግሊዝኛ
- ፍረንች
- ሊንጋላ

ፍሉይ ዝኾነ ኣገልግሎት ንዝድልዮም ኣብ ናይ ካናዳ ሕብረተሰብ ናይ ምንባርን ምውህሃድን ጸገም ዘለዎም ፈለስትን ስደተኛታትን ፍሉይ ዝኾነ ኣገልግ ሎት ይህብ።




እዚ ፕሮግራም ብፍሉይ መልክዑ ንመንእሰያት ኣብ ክሊ ዕድመ 16-28 ዘለዉ ዘተኮረ እዩ።

ፍሪ ራኒንግ ፕሮግራም ኣብ ናይ ዓማዊል ጠለባት ዘተኮረ ከይዝ ማናጅመንት ንስደተኛታትን ሓደሽቲ መጻእትን መንእሰያት ዘገልግል ፕሮግራም እዩ። ተደራራብን ዝተሓላለኸን ጸገማት ናይ ሰትልመንት ንዘጋጥሞም መንእሰያት ኩለንተናዊ ሐገዛት የበርክት። ስለዚ ፍሪ ራኒንግ ስደተኛታትን ፈለስትን መንእሰያት ካብ ዓቅሞም ንላዕሊ ዝኾነ ዘጋጥሞም ሽግራት መፍትሒ ንምርካብ ብምትብባዕን ነንሕድሕዶም ብምርኻብን ደስ ብዘብልን ተዓጻጻፊ ብዝኾነ መንገድን ንኽዓብዩ ይሕግዝ። ገለ ካብቶም ደገፋት ድማ፡

- ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነኑዳያት ምስላጥ!
- ናይ ግሩፕ ሓበሬታ ኣኼባታት ብምድላው
- ንዓታቶም ይጠቅም ይኸውን ዝብሃል ኣርእስትታት መሪጽካ ክመያየጡ ብምግባር!!
- ንስራሕ ምድላይ ዎርክሾፓት/ ስልጠናታት ከምኡውን ናይ ስራሕ ምድላይ ሓገዛት ብምግባር !
- ናይ መዘናግዒ ፕሮግራማት ብምድላው
- ምስ ሕብረተሰብ ከምኡውን ካልኦት መንእሰያት ርክብ ንኽፈጥሩ ብምግባር